## እሞ'ኸ

እሞ'ኸ ……..

ዘይሓሰብናዮ ረኺብና ብጥልመት እንተተሓሰና

ነገራት ከፊኡ መግዛእን ድኽነትን እንተሳዕስዑልና

ቃልስና ክሓጽር መስውእትና ክውሕድ እንተዘይሓበርና

መወዳእታኡ'ሞ እንታይ ይኸውን መጻኢ ዕድልና።

እንቱም ደቂ ኤረ ንሕናስ የወሃት ዲና በሃማት

ንዘይእመን ኣሚና ሩፍታ ክንረክብ ካብ'ዞም ጠላማት

ካብ'ቶም ሰለብቲ ነጻነት ኣበርዓንቲ ሓርነት

ከመይ ንጽበ ምሉእ መሰል ልዕልና ህዝባውነት።

ጠንቂ ድኽመትና ኣምልኽ ድዩ ሕጽረት ኣገንዝቦ

ዘጠንቅቑ'ዶ ኣይነበሩን ህግደፍ ከይገበለ ብዓንተቦ

ደቒቕ ወዲ ህዝቢ ኮይኑ ኣብ ዝቕረበሉ ዝነበረ ከይኮነ ክንዲ ጎቦ

ብፍላይ ኣብ'ቲ መድረኻዊ መቐይሮ ናይ ነጻነት ሓርነት መላግቦ።

ይከኣል'ኮ ነይሩ'ዩ ንምግራሑ ንምቕጻው

ደው ኢሎም እንተዝሰምዑ እቶም ዘጣቕዑ

ያኢ ብኣቋራጭ ክሓልፈሎም እንጀራ መብጸዓ ክበልዑ

ዓበይቲ ክንሶም ብነገራዊ መኸሰባት ዝሰድዑ።

ከይሰማምዑ ዝተሰማምዑ ደቂ ካልእ ደምበ

ሓበሬታ፡ ሕሜታ፡ ንስነ-ሓሳብ ተኪኡ ምስ ቀረበ

ምልኪ ተረሲዑ ኣነ'ዶ ንስኻ ክበሃል ጸሓይ ምስ ዓረበ

መራሒ ስኢኑ ብዘይፍረ ረጊፉ እቲ ዝዓምበበ።

እሞ'ኸ……

ሎሚ ሕጂ እንታይ ይገበር እንታይ ንግበር

ቀላጽምና'ዶ ይሕበር ወይስ ኣብ ቁዛመ ንንበር

ነውጸኣዮ'ዶ እቲ ሕማቕ ኣበር ወይስ መሊሱ ይኮመር

ኣብ ሰንፈላል ካብ ንነብር ሃየ ንስራሕ ቁም-ነገር።

ፖለቲካ ፖለቲካ ምኻኑ ረሲዕናዮ

ከየብሰልና ንገድፎ ነቲ ዘበገስናዮ

ነቲ ዝፈላሊ ብሽምግልና ክንኣልዮ

ንፖለቲካዊ ኣረኣእያ ኣምሲልናዮ ማሕበራዊ ዕዮ።

ዛራ ማና

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 01-11-2017